Hijike Intay ktbla ikn Janda Weyane 04.05.2020

ሕጂኸ እንታይ ክትብላ ኢኽን ጃንዳ ወያነ
ተዋረድክን እባ ኣይ ሰሙን ኣይ ክልተ ቅነ
በላ ኣንበሳስ ወጺኡ ካብ ጉድጉዋዱ
ዕጅብ ዘይብሎ ኣይግዳዱ
ደበኽ ኢልዋሎ ኣራት ኪሎ
እቲ ሓሶትክን ድኣ ሎሚ ኣበየሎ

ንባዕልኽን ብደውክን ተቐቢርክን
ዘውረኽን ፕረሲደንት ሞይቱ ኢልክን
መቐለ ተዓሺግክን ኣብታ ሆቴልክን
ኣንበሳስ በላ ደበኽ ኢሉ ኣብ ጥቓኽን
ምእማን ሲኢንክን ተዓኒድክን
ዓይንኽን ፈጢጡ ክትርእዮኦ ኣብ ተለቪዝን

ትማሊ ኣዲስኣበባ ሎሚ ክልል ኦሮምያ
ዝዓገቶ የለን ዋላ ኣብ ኢትዮጵያ
ብውጽኣት ተታሒዝክ ካብ ትሞታ
ተናስሓ፣ በቲ ዝሰራሕክንኦ ዘሕፍር ዛንታ

ኣንትን ሰይጣውንቲ ጃንዳ
ትኽፍልኦ ኣለክን ክፋት ዕዳ
ውሉድ ወለዶኽን ዘይከፍሎ
ታሪኽና ነይርስዖ፣ ኣብ ሓንጎልና ኮፍ ኢሉሎ

ዓወት ንሓፋሽ !!

ተስፋይ ወልደጊዮርጊስ

ጀርመን